# ወግዕን ጸወታን
# ምስ ቀሺ ገብረ-ኣምላኽ - ፪

ካብ ዝሓለፈ ዝቐጸለ…
“ምግራፍ ተምሃሮ ኢልና ካብ ኣልዓልናስ በሉ ጨካን ተዋቓዒ መምህር ኢኹም ኔርኩም እዩ ዚብሃል፣ እሞ ብዛዕባ እዙይከ እንታይ ትብሉ?”

“መቸም ሽዑ ጊዜ መምህራን ኩልና ንተምሃራይ ዘይወቅዕን፣ ዘይገርፍን፣ ኣይነበረን። እንታይ ሕሉፍ ኣዋቓቕዓ ነይሩኒ ኢልካ ኢኻ? መቕጻዕቲ እኮ ዓብዪ ትምህርቲ እዩ። ኣብ ልዕሊ እዙይ መምህር ግብረ-ገብነት ስለ ዝኾንኩ፣ ናይ ግብረ-ገብነት መምህር ድማ ተቓጻዒ ኪኸውን ስለዚግብኦ ደኣ እዩ እምበር ጨካንስ ኣይነበርኩን። መምህር ግብረ-ገብነት እንተ ዘይዋቓዕ ኾይኑ እማ ስርሑ ፈቲሑ ማለት እዩ።”

“ቖልዑ ከይተወቕዑዶ ምምሃር ኣይከኣልን እዩ? ኣብ ዓዲ ጸዐዱ ተምሃሮ ፈጺሞም ኣይውቅዑን እዩ ዚበሃል፣ ከመይ ገይሮም ድኣ ይቐጽዕዎም።”

“ናይ ዓዲ ጸዐዱ ኣይፈልጥን፣ ናትና መቅጻዕቲ ግን ተምሃራይ ፈሪሑ ምእንቲ ኺእረም እዩ እምበር፣ ንኺጉዳእ ወይ ንኻሊእዶ መሲሉካ? ዚበዝሕ ተምሃራይ ኣይግረፍ፣ ኣይውቃዕ፣ ሰጥ ኢሉ እዩ ዚምሃር። እቲ ኣሸጋሪ ቖልዓ ቁጽሩ ቁሩብ እዩ። ኣነ ግን ካብ ምውቃዕስ ምምብርካኽ ደኣ እኳ እፈቱ ነበርኩ። ንተምሃራይ ከከም በደሉ፣ ንዓሰርተ ደቒቓ፣ ንፍርቂ ሰዓት፣ ንስዓት፣ ካብኡ ንላዕሊውን እንተ ኾነ፣ ከከም በደሉ ኢና እነምበርክኾ ዝነበርና።”

“እሞ ምንብርካኽ ጥራይ ድዩ ወይስ ካሊእውን ኣለዎ?”

“ዚበዝሕ ቖልዐ ምምብርካኽ ጥራይ እዩ፣ ሓል-ሓሊፉ ግን ኣብ ጸጸር ወይ ሑጻ ከም ዚምብርከኽ ይግበር፣ ተምበርኪኹውን ኣእዳዉ ከም ዝዝርግሕ ዚግበር ኣሎ። ቁሩብ ግድድ ንዝበለ ድማ ኣእዳው ኣእማን ከም ዚስከም እንገብረሉ ጊዜውን ነይሩ።”

“ብኣምዐ እውን ተምሃሮ ይግረፉ ኔሮም ይበሃል።”

“እወ፣ ኣምዐ ኣብዙ ሃገር ‘ሳማ’ እዮም ዚብልዎ እሞ እተለምደ መቕጻዕቲ እዩ ነይሩ። ንዝበደለ ብሳማ ኣእዳዉ፣ ኣእጋሩ ልብ-ልብ፣ ልብ-ልብ ኣቢልካ ትገርፎ።”

“እቲ ኣምዐ ደኣ ነቲ መምህርከ ኣየሕምሞንዶ እዩ? ከመይ ጌሩኸ ተምሃሮ ይገርፈሉ?”

“እቲ መምህር እማ ነታ ኣምዐ ተጠንቂቑ ብወረቐት፣ ወይ ብጨርቂ እዩ ዚሕዛ። ገለ ስሕት ኢላ እንተ መልቈት እሞ እንት ነኺኣትካ ሙሉእ መዓልቲ ኢድካ ከም ሓዊ ኽትልብለብ ኢኻ እትውዕል።”

“እሞ እዙ ኹሉ መቕጻዕቲታት ተቐጺዑኸ ተምሃራይ ይእረምዶ፣ ወይስ ስቕ ኢልኩም ኢኹም እትደኽሙ ኔርኩም፣ ከመይ እዩ ርእይቶኹም?”

“ዚበዝሕ ሰብ ይእረም እዩ፣ ሓድ-ሓደ ቖልዓ ግን ፈጺሙ ዘይእረም ኣሎ። ከምቲ ኣነ ዝተዓዘብኩዎ፣ ዳርጋ ኹሉ ኸከም ቤተ-ሰቡ እዩ ዚኸይድ። ካብ ደሓን ቤተ-ሰብ ዝመጸ እንተ ኾይኑ መቕጻዕቲውን ኣየድልዮን፣ ዝበዝሕ ኣብ በቤቱ ተቐጺዑ ዝዓበየ እንድዩ!

ኣብ ቤቱ ኽይተቐጽዔ ዝዓበየ እንተ ኾይኑ ድማ ሓንሳእ፣ ወይ ክልተ-ሳዕ ተቐጺዑ ሰጥ ይብል። ሓድ-ሓደ ኻብ ክፉእ ቤተ-ሰብ ዝመጸ፣ ወይ ድማ ፍሉጥ ቤተ-ሰብ ዘይብሉ እንተ ኾይኑ ግና ተቐጺዑውን ከቶ ዘይቕጻዕ፣ ምንም ዘይእረምውን ኣሎ።”

“እሞ ነቱ ዘይእረምከ ደኣ እንታይ ትገብርዎ?” በልኩዎም።

“ዋእ! ንዘይእረም ደኣ እንታይ ክንገብሮ፣ ካብ ቤት ትምህርቲ ኣውጺእኻ ምስጓጉ እዩ እምበር። ነቲ ሕማቕ ኣመሉ ገና ናብ ካልኦት ከየተሓላለፎ ኸሎ፣ ቐልጢፍካ ብተሎ ምስጓጉ የድሊ። እንተ ዘየሎ ብሓጺር ጊዜ ንኹሉ ተምሃራይ እዩ ዘባላሽዎ። ንሓንቲ ዝመሸመሸት ፍረ ካብ ካልኦት ፍሬታት ፈሊኻ፣ ኣውጺእኻ እንተ ዘይደርቢኻያ፣ ንኹለን ፍሬታት ብሓጺር ጊዜ እያ እተባላሽወን። ቐልዑ እውን ከምኡ እዮም።”

“እቲ ሕማቕ ኣመል ተብሂሉ፣ ናብ ካልኦት ተምሃሮ ንኽይተሓላለፍ እትሕልውዎን እትጥንቀቑሉን ዝነበርኩምከ ደኣ እንታይ፣ እንታይ ዝዓይነቱ ኣመላት እዩ ዝነበረ?”

“ኣውራ ሕማቕ ኣመል ስንፍና፣ መምህር ዝበለካ ዘይምስማዕ፣ ዘይምእዛዝ፣ ሓሶት፣ ስርቂ፣ ናይ ቤት ሥራሕ ተውሂቡካ ዘይምሥራሕ፣ ጽሬትካ ዘይምሓላው፣ ሓድ-ሓደ ተምሃራይ ድማ ሽጋራ ዚሰቲ፣ ካልዕ ዕውልናውን ዝለመደ ነበረ። ንሸምዙይ ዘመሰሉ ቖልዑ ሰቕ ኢልካ እንተ ርኢኻዮም ብሓጺር ጊዜ ነታ ሕማቕ ኣመሎም ናብ ኩሎም ተምሃሮ እዮም ዘተሓላልፍዋ። ሽዑ ብዘሎ እቲ ቤት ትምህርቲ ተባላሸዩ ማለት እዩ።”

ይቕጽል...

ገ/ኢ. ጐርፉ።